# መግለጺ

## ንተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ዝጥርንፍ ሓባራዊ ክሊ ንምምስራት እተበጽሐ ስምምዕ

ሎሚ፣ ዕለት 28 ታሕሳስ 2004 ዓ.ም፣ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ፣ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፣ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፣ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ እተሳተፍዎ ኣኼባ ኣብ ካርቱም ተኻይዱ።

ኣኼባ፣ ብሰንክቲ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ግፍዕን ጭቆናን ስርዓት ኤርትራ ብሓደ ሸነኽ፤ በቲ እናንቀልቀለ ዝኸይድ ዘሎ ኲነታት መነባብሮ ድማ ብኻልእ ሸነኽ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሃገርናን ዝዝንቢ ዘሎ ሓደገኛ ኲነታት ኣዕዚዙ ድሕሪ ምምይያጥን፤ ከምኡ ውን ዞባውን ኣህጉራውን ፖለቲካዊ ምዕ ባለታት ብደቂቑ ድሕሪ ምጽናዕን፤ ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ኣሕሊፉ።

1. ንተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ዝጥርንፍ ናይ ሓባር ክሊ ክምስረት፤
2. ነዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ሓባራዊ ክሊ ንምምስራት ድማ፣ ንዕለት 12 ታሕሳስ 2004 ዓ.ም ኣብ ካርቱም ልዝብ ክጅመር፤
3. ነዚ ልዝብዚ ንምዕዋት ዝሕግዝ ፖለቲካውን ዜናውን ዕዮ ክካየድ ተሰማሚዑ።

ከተምቲ

1. ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ - ሕሩይ ተድላ ባይሩ (ዋና ጽሓፊ ሃምኤ)
2. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ - ስዩም ዑቕባሚካኤል (ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ)
3. ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ - መስፍን ሓጐስ (ኣቦ መንበር ሰልፊ)
4. ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ - ኣድሓኖም ገብረማርያም (ኣቦ መንበር ምንቅስቓስ)

********************************************